**Union of Tigrayans in North America (UTNA)**

ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ(ማ.ተ.ሰ.ኣ.)

PO BOX 73736 WASHINGTON, DC 20056 |TEL. 202-749-


## እዋናዊ መግለፂ ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣመሪካ(ማተስኣ)

ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ናኣብ መላእ ዓለም ዝነብሩ ዲያስፖራ ተጋሩን ፈታዊቲ ህዝቢ ትግራይን ከምኡ'ውን ናኣብ ውሽጢ ዓዲ ዝነብር ህዝብና ኣብዚ ሕዚ እዋን ብሰንኪ ወራር ፅንተት ካብ መረበቱ ተመዛቢሉ ፎቖዶ ቅዳድ ኬንዳታት ተፀጊዑ ብሰንኪ ሕፅረት ምግብን መድሓኒትን ብጥምየትን ሕማማትን ንሞትን ብርሰትን ተቃሊዑ ዝርከብ ተመዛባሊ ህዝብና ካብ ሞት ክነድሕኖ ብሓድነት ኾይንና ድምፂ ንኸንከኖ ጻውዒት ነቕርብ።

ንቡር መረበቶም ንክመለሱ ኣድላይ ዝኾነ ሓገዝ ክግበረለም ይግባእ።

ስለዚ “ስቃይ ተመዛበልትና ይአክል የብቅዕ” ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ተመዛበልትና ክሳብ ዝምለሱ፣ ብወረርቲ ተወሪሩ ዝርኩብ ግዛት ትግራይ ናብ ንቡር ክሳብ ዝምለስ፣ ቃልስና እሕይልና ብዘይ ምቑራፅን ኣፈላላያትን ንብሄራዊ ረብሓታትና ሓቢርና ኽንቃለስ ንፅውዕ።

እቲ ዘላቒ መፍትሒ ተመዛበልትና ናብ መረበቶም ምምላስ ከምዝኮነ ዝኣምን ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣመሪካ ሓይሊታት ፀጥታ ትግራይ፣ ኣብ ማእከላት መዕቖቢ ኣፅሊሎም ዝርከቡ ተመዛበልቲ ህዝብና ካብቲ ኣጋጢምዎም ዘሎ ሓያል ጥምየትን ሓደጋ ሞትን ህይወቶም ንምድሓን መሰረታዊን ዘላቕን ፍታሕ ንክተናድዩ ብጥብቂ ነተሓሳስብ።

ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ውዕል ፕሪቶሪያ ብሙሉእን ከይተሸራረፈን ብቕልጡፍን ብተግባርን ንክትፈፅም ሓላፊነትኩም ንክትዋፅኡ ብጥብቂ እናሓተትና

ንገዛኢ ውድብ ህወሓት ፣ኣብ ትግራይ ንትርከቡ ተናሕናሕቲ ፖለቲካዊ ውድባትን ስቪክ ማሕበራትን ብሄራዊ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ንምርግጋፅ ሎሚ እውን

ከምቲ ኩላትና እንፈልጥ ኣብ ጎደና ዕብየትን ውሕስ ሰላምን ፅዒሩን ግዒሩን መነባብርኡ እናመርሐ ይነብር ዝነበረ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ልዕሊኡ ንዝተኣወጀ ጀኖሳይድ ስዒቡ ኣብ ምፍንቃልን ሞትን ጥምዬትን ዝተመርኮሰ ህይወት ውሽጢ ኮይኑ ከቢድን ሕሱምን ናብራ እናነበረ ይርከብ።

ብመስዋእቲ ጀጋኑ ደቁን ብቁዓት ወታደራውን ፖለቲካውን መራሕቱ ኣቢሉ ዝረከቦ ውዕሊ ሰላም ፕሪቶሪያ ሎሚ ዶ ኮን ፅባሕ ብውሕስ መንገዲ ናብ መረበተይ ይምለስ እናበለ ብሃንቐውታ ይፅበ ኣብ ዘለሉ እዋን ተስፍኡ በርዒኑ ሕዚ ድማ ኣብ ማዕከላት ምዕቖቢ ዝርከቡ ተመዛበልቲ ኣሕዋትና ብዝኸፍኤ መልክዑ ንሓደጋ ጥምየትን ሕማማትን ተሳጢሖም እንትንርኢ መሪር ሓዘን ተሰሚዑና ኣሎ።

ብፍላይ ተመዛበልቲ ኣሕዋትና ኣብ ግዝያዊ መፅለሊኦም እናሃለው ብኣዛብእ ተበሊያም ዝብል ወረ እንትንሰምዕን ብሚድያታት እንትንሪኦን ኣዝዩ ከቢድን ኣብ ናብ ምንባር ዘፅልዕ ኩነታት እዩ።

ዝተመዛበለ ህዝብና ብቑልጡፍ ናብ መረበቱ ከይምለስ፣ብጥምየትን ሕማምን ክውዳእን መሊኡ

ኽፀንትን ዝግበር ዘሎ ውዲት ማሕበርና ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣመሪካ ብትሪ እናኮነኖ ዝመፅእ ኮይኑ ሕጂ እውን ኩሎም መሰረታዊ ጠለባቱ ክምለሱሉን ግዝኣታዊ መሬቱ ክረጋገፀሉን ይግባእ።

መሰረታዊ መንቀሊ ፀገማት ትግራይ ብዝግባእ ብምፍላጥ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ብሓድነትን ፅንዓትን ንምዕዋት ልዑል ርብርብ የድሊ። በዚ መሰረት ማሕበርና ማበር ተጋሩ ሰሜን አሜሪካ ኣብ መላእ ዓለም ንዝርከቡ ተጋሩ ሓድነቶም ንኸዕብዩ ብጥብቂ ይፅውዕ።

ፀላትና ሓዘንቲ መሲለም ንሓድነትና ሓደገኛ ዝኾነ አጀንዳታት ይፈጥርሉና አለው ሰለዚ ብንቅሓት ምስትውዓል ኣገዳሲ እዩ።

እዚ ኣብ ልዕሊ ተመዛበልቲ ኣሕዋትና ኣጋጢሙ ዘሎ ሓያል ጥምየትን ሞትን ንምፍታሕን ህፁፅ ሓገዛት ንምብፃሕን ዘላቂ መፍትሒ ንምንዳይን ከምቲ ናይ ሕሉፍ መኸተ ጊዜ ዝነበረና ስጡም ሓድነት ተጋሩ ሕጂ ብዝበለፀ ተጠናኺሩ ከዝቕፀል ማሕበርና ሙሉእ እምነት ኣለዎ።

መሰረታዊ ፀገም ተመዛበልትና ንምፍታሕ፣ ተመዛበልቲ ብውሑስን ብክቡርን መንገዲ ፀጥታኦም ተሓሊዩ ናብ

ከምትማሊ ሓድነትኩም ብምጥንካር ምስ ህዝብኹም ብልቢ ደው ክትብሉ ብጥብቂ ንላበዮኩም።

ኣብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን እትርከቡ መናእሰያት ተጋሩ ብሓፈሻ መላእ ህዝብናን ዲያስፖራን ህዝብና ኩሎመደያዊ ፀገማት ትግራይ ንምፍታሕን ዘላቂ ፍታሕ ንምርካብን ሎሚ እውን ከምእምኒ ዓረ ብሓድነት ክትቃለስ ፃውዒትና ነቕርብ።

በዚ ኣጋጣሚ ደኪሙና ሰልቺዩና ከይበልኩም ንኹሎም ፀገማት ህዝቢ ትግራይ ንምፍታሕ ትንቀሳቀሱ ዘለኹም ማሕበራት፣ ትካላትን ውልቀ ሰባትን ማተሰኣ ዝልዓለ ናእዳናን ክብርን እናቕረበ ኣበርቲዕኩም ክትቅፅልሉ ንላቦ ።

ዘለኣለማዊ ክብሪን ሞገስን ንሰማእታትና።

ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ

ዋሽንግቶን ዲሲ

ታህሳስ *15,2018* ዓ.ም.